## *ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል፧*

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ወርሒ ሕዳር ሓንቲ ኻብተን ኣገዳስነታ ዘዕዘዘት ወርሒ
ክትኸውን በቂዓ ኣላ። ወርሒ ሕዳር 2007 ዶብ ኢርትራን ኢትዮጲያን ብወግዒ
ኣብ ናይ ዓለም ወረቀት ዝሰፍረሉ እዩ። ኻብዛ ወርሒ እዚኣ ጀሚሩ እቲ ንነዊሕ
ዘሰሓሕብ ዝነበረ ወጥሪ መኸተምታ ተገይርሉ ኣሎ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ኣህጉራዊ
መፍትሒ ኸኣ ዓቢ ዓወት ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጲያን እዩ። ምኽንያቱ በር
ናይ ሰላምን፣ ርግኣትን፣ ቅሳነትን ንናይ ኽልቲኡ ህዝብታት ዝኸፍት ስለዝኾነ።
እዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፣ ብተሪር ጽንዓትን ቃልስን ናይ ህዝቢ ኤርትራን፣
ብናይ ተኻፋልነት ናይ መብዛሕትኡ ህዝብታት ኢትዮጲያን እዩ። የሃና ንኽልቲኡ
ህዝቢ ዘየብል ድማ ኣይኾነን። ብፍላይ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ኻብ ልቢ
ዝነቀለ የሃና። ተራ መንግስቲ ኤርትራ ኣዎንታውን ጽኑዑን ምንባሩ ዘሓብንዩ።
ብኣንጻሩ ተራ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኹሉ መለኪዒታት ኣሉታዊ ጥራይ ዘይኾነ፣
ኻብ ሓደ መንግስታዊ ሓላፍነት ዝተሰከመ ዘይትጽበዮ ተግባራት እዩ ተራእዩ።
እዚ ሓድሽ ምዕራፍ፣ ነዚ ኣሉታውን ዘይሓላፍነታውን ተግባራት ናይ ሓለፍቲ
ኢትዮጲያ ኽእርምን ኽሕብርን ተስፋ ይንበረሉ። ዝሓለፈ ኣሉታዊ ተግባራት ዋላ
ሓንቲ ዘምጽኦ ፋይዳ የለን። ሕጂውን በዚ ኣሉታዊ ተግባራት ተመሪሕካ ምኻድ
ዝርከቦ ፋይዳ የለን። እቲ ዝሓሸን ዝበለጸን፣ ኻብቲ ኣሉታዊ ተግባራት ተማሂርካ፣
ናብ ኣዎንታውን ቅነዕን መንገዲ ምምራሕ እዩ። እዚ ኸኣ ንኽልቲኡ ህዝብታት
ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ኸባቢ እውን ዘርብሕ እዩ።

ኹሉ ደላይ ሰላም ናይቲ ኸባቢ ዘበለ ዝኾነ፣ ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ መጀመርታን
መወዳእታን ምኽታም ናይ ሰላም፣ ክሕግዝን ኽደፍእን ይግባእ። ዓለም ድማ ነዚ
ተረዲኣ ኣዎንታዊ ተራ ኸተበርክት ይግባእ። ተዋሳእቲ ናይቲ ኸባቢ እውን፣ ተራ
ዓለም ኣብ ግምት ኣእትዮም፣ ምቹእ ሃዋህው ኽፈጥሩ ኹነታት የገድዶም እዩ።
እቲ ኸባቢ ብሓፈሻ፣ ኤርትራ ብፍላይ፣ ነቲ ብዓለም ዝግበር ጌጋታት ምጥማት
ዘይኾነስ፣ እቲ ብዓለም ኽመጽእ ዝኽእል መፍቲሒታት ምጥማት ይሓይሽ።
እዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ፣ ናይ ዝተናወጸ ሓንጎል ዝሃድኣሉን ዝረግኣሉን እዩ።
እዚ ተናዊጹን ተረቢሹን ዘሎ ሓንጎል ስጋብ ዝሃድእ ድማ፣ ቁሩብ ግዜ ምብልዑ
ኣይተርፎን እዩ። እምበር እቲ ነገር ከም ዘኸተመ ንዓናን ንዓለምን ርጉጽ እዩ።
እንተድኣ ተዓዚብና፣ እዚ ሕጂ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ብቀሊሉ ዝግመት ኣይኾነን።
እቲ ናብዚ ናይ ሕጂ ዓወት መንገዲ ዝጸረገ፣ እቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን
ዝተኸተመ ውዕል እዩ። ማለት እቲ ብ1900, 1902, 1904 ካርታን ታሪኽን እዩ።
ስለዚ፣ እዚ ናይ ሎሚ ተሓንጺጹ ዘሎ ምዕቡል ካርታን ዘየካትዕ ርጉጽ ሰነዳትን፣
ንዘልኣለም ተሰኒዱ ስለዘሎ፣ መኸተምታ ናይቲ ዝሓለፈ ታሪኽ ኮይኑ ኽተርፍዩ።
ስለዚ፣ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ፣ መንግስቲ ኢትዮጲያ ድማ ብፍላይ፣ ነዚ ታሪኻዊ
ሰነድ ተቀቢሎም፣ ኣብ ግብሪ ኻብ ምትርጎጓም ኻልእ ኣማራጺ የብሎም። እዚኣ
ጥራይ እያ ናይ ሓዋሩን ዘላቒን ሰላምን ኸተምጽእ እትኽእል። ውግእ ኸም ሓደ
ኣማራጺ ኽውሰድ ኣይግባእን፣ ምኽንያቱ እቲ ኣብ ኣልጀርስ ዝተሰነደ ናይ ሰላም
ውዕል፣ ውጽኢት ናይቲ ዝተኻየደ ውግእ ዝለዝኾነ። ግን ከኣ ኣብ ዘይጭበጥን፣
ዘየሎን ሕልምታት ጢሕልካ፣ ኣብ ናይ ግዚያዊ ረብሓታት ተሸሚምካ፣ ናይ
ወጻኢ ተገዛኢ ኾንካ፣ ንውግእ ኸተናድዮ ትኽእል ትኸውን። የዕንወካ ድማ።
ኣብ ፍትሕን ሓቅነትን ዘይተመርኮሰ ኩናት፣ ኹልግዜ ኣዕናዊ እዩ።
እቲ ብቀሊሉ ኽፍታሕ ዝኽእል ዝነበረ ጉዳይ፣ ብምኽንያት ናይ ሓጺርን ግጉዩን

ኣጠማምታ ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያ፡ ስጋብ ሕጂ ኣብ ሓሽውየ ጸኒሑ። እቲ ሓሸውየታት ወይ መናውራት ብዙሕ እኳ እንተኾነ፡ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ነቲ ዘሎ ውዕል ሙሉእ ብሙሉእ ተቀቢልናዮ፡ ኣይፋልናን ነጺግናዮ፡ ጸኒሕካ ተቀቢልናዮ፡ ምልስ ኢልካ ንፈልጦ ነገር የብልናን። ንውግእ ተቀሪብና ኣሎና። ምስ ኤርትራ ኣማሉዱና፡፡ ውግእ ዝበሃል የሎን፡ ኻልእን ዝብሉ እዮም። ብናይ ኸምዚ ዓይነት ሕሱር መናውራት፡ ዝርከብ ምፍቲሒታት ወይ ናይ ፖለቲካ መኸሰባት የለን። እዚ ትርፉ፡ እንታይነትካ ንህዝብን ዓለምን ምግላጽን፡ ናትካ ፍኹሰት ኣብ ናይ ዕዳጋ ምውራድ እዩ። እዚ ኸምዚ ነውራም ዓይነት ተግባራት፡ ኣብ ናትካ ህዝቢ ስጋብ ኽንደይ ስምብራት ኸምዝገድፍ እውን ምስትብሃል ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ነገር ህዝቢ ኢትዮጲያ ዝተማህሮ እንተድኣ ሃልዩ፡ ናይ ሓሶት ባህሊ እዩ። ምእንቲ ረብሓኻ ኢልካ ክትሕሱ ኸምዘለካ። ሓሶት ቅቡል ከምዝኾነ። ሓሲኻን ኣደናጊርካን ንእትደልዮ ነገር ምርካብ ቅብሉን ቅኑዑን ከምዝኾነ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ናህና ባህሊ ዝሕብሮ፡ ሓሶት ኣጺያፍን ዘይቅብሉን ከም ዝኾነ እዩ። ይትረፍዶ ሓደ መራሕን ወካልን ናይ ህዝቢ እየ ዝብል፡ ሓደ ውልቀውሰብ እንተኾነ እውን፡ ሓሶት ምስ ዘዘውትር፡ ኻብቲ ዘለዎ ኸባቢ ገለል እዩ ዝብል። ምኽንያቱ፡ ንሓሶት ዝጸውር ባህሊ ስለዘይብልና። እዚኣቶም ግን ንሓሶት ኸም ቅቡል ባህሊ ወሲዶም፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ተጠሊያም የዘውትርዎን ይደጋግምዎን። እዚ ኸምዚ ዓይነት ተግባራት ንህዝቢ ኢትዮጲያ ብፍላይ፡ ነቲ ኸባቢ ብሓፈሻ ድማ ሃስያ የውርደሉ ኣሎ።

እቲ ኻብ ኩሉ ዘሕፍርን ዘሻቅልን ድማ፡ ምሁራትን ፈላጣትን ኢትዮጲያውያን፡ ነዚ ነውራም ባህሊ ምድጋፎምን ምስዋሮምን እዩ። ነዚ ዓይነት ተግባራት ድማ፡ ኸም ናይ ፖለቲካ ወይ ፕሮፓጋንዳ ብልጫ ገይሮም ኸሳስይዎ ይፍትኑ። እዚ ሕጂ እንርእዮን እንዕዘቦን ዘለና ናይ ዳንከራ ሓሶት፡ ኣብ ግዜ ሃጸይ ሃይለስላሴ ይኹን፡ ፋሽሽታዊ ደርግ እውን ተራእዩ ኣይፈልጥን።

ታሪኽ ኣብ ቅድመና ኽድገም ንርኢ ኣሎና። እዞም ትምክሕተኛታት ብዝተፈላለየ መንገዲ፡ ንናይ ኽልቲኡ ህዝብታት ሰላም ኽዓናቅፉ ህርድግ ይብሉ ኣለዉ። ግን ከኣ ናይ ቀረባ ታሪኽ ከምዝምህረና፡ ነዚኣቶም እውን ዕጫ ናይ ኢያታቶም ኸም እትበጽሖም ኣየጠራርጥርን እዩ።

ምስ እዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ ናይ ሓደ ሓደ ኤርትራውያን ኣብቲ ዘይቅኑዕ ናይ ሓሶት መጻወድያ ምእታዎም እዩ። ነዚ ብሕጋዊ መንገዲ መዕለቢ ዝተረኽቦ ናይ ዶብ ጉዳይ፡ ማለት ናይ ሰላም ርግኣትን ጉዳይ፡ ኣይፋሉን ዝብሉ እዮም። እዚ ዘይብሃል ምኽንያታት እንዳኣምጽኡ፡ ነቲ መንፈሳውያን ኽይተረፉ ዝደገፍዎ ብይን ኽዕንቅጹ ህርድግ ይብሉ። እቲ እተወሰደ ብይን ንድሌትን ረብሓን ህዝቢ ኤርትራ ዘምጽእ ብይን እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ሰላምን ርግኣትን ኣብቲ ኸባቢ ኸስፍን ዝኽእል ብይን እዩ። ነዚ ድሌትን ረብሓን ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጲያን ኣብ ግብሪ ዝትርጉም ብይን ምቅዋም እንታይ እዩ መኸሰቡ?። ብፖለቲካዊ ዓይነት ኽጥመት እንተድኣ ኾይኑ ድማ፡ መሬት ምስ ፖለቲካ ወይ ፍልስፍና ዝተተሓዘ ኸምዘይኮነ ንኹሉ ደላይ ሰላም ብሩህ እዩ። ወልቀሰባት፡ ውድባት፡ ናታቶም ናይ ፖለቲካ ድሌትን ሃንቀውታን ኽህልዎም፡ ቅቡል ጥራይ ዘይኮነ ባህርያዊ እዩ። ነቲ ንሳቶም ዝኣምንሉን፡ ቅኑዕ ዝመስሎም ፍልስፍና ኣንቂሎም ኽዛረቡን ኽጽሕፉን ተድላይን ተመራጽን እዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ኽተባባዕ ዘለዎ እዩ። በዚ ገሮም ድማ፡ ናታቶም ድሌትን፡ ሃንቀውታን፡ ባህግታትን ኽገልጹን፡ ንዕኡ ኣብ ግብሪ ኽትርጉሙን ውልቃዊ መሰሎም እዩ። ይኹንበር፡ ነዚ ድሌታት ኾነ ባህግታት፡ በቲ ንሸኻ ዝደለኻዮ መንገዲ ስለ ዘይተተርጎመ፡ ወይ ኣብቲ ንሸኻ ዝደለኻዮ ግዜ

ኣብ ግብሪ ስለ ዘይወዓለ፣ ንድሌት ህዝብን ሃገርን ኽዕንቅጽ እየ ምባል፣ ምስ ምንታይ ይቁጸር?። ህዝቢ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጲያ ዘሰሓሕቦ ዘሎ ጉዳይ ብጣዕሚ ንጹር እዩ። ናይ መሬት ሕቶ እዩ። ናይ ፖለቲካ ወይ ኻልእ ጉዳይ ኣይኮነን። ህዝቢ ኢርትራ ዝጠልቦ ዘሎ ድማ ብጣዕሚ ንጹር እዩ። መሬቱ ብሰላማዊ መንገዲ ኽምለሰሉ። ህዝቢ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ መኽሰባት ይኹን፣ ዋላ ናይ ግዚያዊ መኽሰባት ኣይጠለበን። መሬተይ ሃቡኒ፣ መሬተይ ይመለሰለይ ኢልካ ምሕታትን ምቅላስንከ እንታይ ነውሪ ኣለዎ?። ንምኺኑ ህዝብን መንግስትን ኽምዚ ኢሉ ምሕታቱ እንታይ ኣበሳ ኣለዎ?። ምእንቲ ንግዚያውን ፖለቲካውን ረብሓ ኢሉ፣ ናይ ህዝቢ መሬት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣየእቱን ምባል እንታይ ሕማቅ ነገር ኣለዎ?። እስከ በቲ ሓደ ድማ ንመልከት፣ ንህዝቢ ምእንቲ መሰሉ ስለ ዝተቃለሰ፣ ትጋገ ኣለኻ፣ ኣየዋጻኣካን እዩ፣ ኢሂን ሚሂን ( ዋጋ ዕዳጋ ) እንዳበልካ ምስ ጸላእትኽእ እዩ ዘዋጽኣካ፣ ኣይትኽእሎም ኢኻ፣ እዛ ዓባይን ሃብታምን  ኣሜሪካኳ ኣብ ዒራቅ ሰንፈላል ኣትዩዋ፣ እንዳበልካ ምንዳርከ ምስ ምንታይ ይቁጸር?።
ኣብ ከምዚ ኹነታት ዝቅልቀሉ ኣደነጋርቲ ናይ ፖለቲካዊ ኣምራት ኣለዉ። ሓደ ኻብኦም ድማ ፖለቲካዊ መክሰባት ዝበሃል እዩ። እዚ ፖለቲካዊ መኽሰባት ኢልካ ዝጽዋዕ ነገር ዝዓሞ እንተድኣ ሃልዩ፣ ንረብሓኻ ኢልካ እትኸስሮም ነገራት ኸም ዘለዉ ምፍላጥ እዩ። ንኣብነት ሓደ ሓደ ኤርትራውያን ብመንግስቲ ኢትዮጲያ ተላኢኾም ሓደ ሓደ ነገራት ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ይፍጽሙ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ነቲ ዝፈጸምዎ ነገራት ህዝቢ ኤርትራ ኸይፈልጦ ይጉልብብዎ። ነዚ ንሳቶም ዝፈጸምዎ እንተድኣ ተፈሊጡ፣ ናይ ፖለቲካ ኽሳራ ስለዘምጽኣሎም። ሕጂ፣ ሓደ ሓደ ሰባት ኣብ ፖለቲካዊ ግርህና ተደሪኾም፣ ነዚ ዝካየድ ዘሎ ናይ መናውራት ተግባራት፣ ከም ሓደ ፖለቲካዊ መኽሰባት ገይሮም ይወስድዎ። እዚ ናይ መንግስቲ ኢትዮዮጲያ ዝግበር ዘሎ መናውራት ንፖለቲካዊ መኽሰባት ነይሩ እንተዝኸውን እሞ፣ ኣዞም ኤርትራውያን ድማ ንናታቶም ናይ ግዚያዊ ረብሓታት ኢሎም ምስ መንግስቲ ኢትዮጲያ እንተዝጽግዑ፣ እቲ ነገር ርዱእ ምኾነ። ኣዚ ግን ኸምኡ ኣይኾነን። መንግስቲ ኢትዮጲያ፣ መሬት ሃቡኒ እዩ ዝብል ዘሎ። ስለዚ፣ መንግስቲ ኢትዮጲያ፣ መሬት ብፖለቲካ ገይሩ ኽገዝእ ኣደሊ ኣሎ። ሓደ ሓደ ኤርትራውያን ድማ፣ ፖለቲካ ብመሬት ገይሮም ኽገዝኡ ይደልዩ ኣለዉ። ዘይናትካ መሬት ምሃብ ድማ ዘሕትት ጉዳይ ኸምዝኾነ ብሩህ እዩ። ኸምኡእውን መሬት ምስ ፖለቲካ ኣይተሓሓዝን። ዓገብ!!!

ምስቲ ዘሎ ኹነታት ስለ ዘይዓገብካ፣ ወይ በቲ ዘሎ ውሽጣዊ ኹነታት ሃገር ስለ ረይረደኻ፣ ነቲ ምሕንጻጽ ዶብ ኽትቃወሞ፣ ኽትነጽጎ፣ ወይ ኸምዘየሎ፣ ወይ ድማ ከም ካልኣዊ ጉዳይ ገርካ ኽውሰድ ኣይግባእን። ናይ ዶብ ሕቶ ናይ ስትራተጂ ሕቶ እዩ። ናይ ግድን ኽምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ዘለካ ርክብ ምስ ኢትዮጲያ ብዘይገድስ፣ ኽንጸር ዘለዎ ሕቶ እዩ። ኸምዚ ሕጂ ንሰምዖ ዘለና፣ ማለት ውሽጣዊ ጉዳይዶ ይቀድም ወይስ ዶብ ኢልካ ኣብ ክትዕ ዝኣቱ ሕቶ እውን ኣይኮነን። ኹሉ ግዜ እዚ ጉዳይ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ጉዳይ ሃገር እዩ። ይኹንበር፣ ጉዳይ ዶብ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ እዩ ስለዝተባህለ፣ ኹሉ ኻልእ ጉዳይ ሃገር ይረሳዕ ማለት ኣይኮነን። ንውሽጣዊ ጉዳያትና ብዝምልከት ከይተሓለልና ዘተ ማለት ፖለቲካዊ ዘተ ኽነካይድ ኣለና። ግብራውን ጭቡጥን ውጽኢት ዘለዎ ዘተ ኽነውርድ ኽንክእል ኣለና። ነዚ ናይ ምግባር ድማ ናይ ኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት እዩ። ስለዚ ውሽጣዊ ጉዳያትና ኻብቶም ዘለዉ ኻልኦት ተኣፈፍቲ ጉዳያት ተነጺሎም ዝኸዱ ኣይኮኑን። ኣድህቦና፣ ናብ ኹሉ ጉዳያትና እንተኣቅኒዕና

ጥራይ ኢና ተዓወቲ እኘኸውን። እኳ ደኣ፡ መታን ህዝቢ ኤርትራ ብፖለቲካዊ ኣተሓሳስባኡን ኣረኣእያኡን፡ ዝሓየለን፡ ዝማዕበለን፡ ዝዓጠቀን ክኸውን፡ ውሽጣዊ ኹነታቱ ኸማዓራርን ኸደልድልን ግዜን ኹነታትን ዝጠልቦ ግዴታ እዩ። ናይ ግንባር ዕላዊ ኣኼባ ምክያድ፡ ሰልፍታት ምምስራት፡ ቅዋም ኣብ ግብሪ ምትርጓም ብሕታዊ ፕረስ ምምስራት፡ ሕጋዊ ትካላትና ምድንፋዕን ካልእን ይጽንሓለይ ዘይበሃለሉ ግዜ እዩ። እዚኣቶም ዓንዲ ማእከል ናይ ፖለቲካዊ ዋሕስና ስለ ዝኾነን፡ መንግስቲ ኢትዮጲያ ኣብ ኣላሽ ዝብለሉን ዝሰዓረሉን፡ ዳርጋ ህላውነቱ ኣብ ምርግጋጽ ዝስእነሉ ግዜ ስለዘሎን፡ ኣድህቦና ናብዞም ዝተጠቅሱን ካልኦትን እንተኾነ ኣድማዒ ይኸውን።

ይኹን እምበር፡ ዶብ ዘይተሓንጸጸ፡ ብምኽንያት ናይ ውሽጣዊ ኹነታትና እዩ። ኣሜሪካ ናይ ዶብ ጉዳይ ኣቃልቦ ዘይትህበሉ ዘላ ብምኽንያት ናይ ወ -ሽጣዊ ኹነታትና እዩ ዝብል ዝምቡዕ ኣረኣእያን ኽቅየርን ዘለዎ እዩ። ኘኹነታት ኸምዚ ኢልካ ምርኣይን ምርዳእን፡ ናይዛ እንነብረላ ዓለም፡ ፖለቲካዊ ኅበጣ ዘይምርዳእ እዩ። ሃገራዊ ፖለቲካዊ ትሕዝቶና ምስ ናይ ምሕንጻጽን ዘይምሕንጻጽን ዶብ ዘተሓሕዝ የብሉን። ሃገርና ኤርትራ ብፖለቲካ ስለዝሃብተመት ኣይትገፍሕ፡ ወይ ብናይ ፖለቲካ ድኽነት ስለዝተጠቅዐት ኣይትጸብብ። ሕጂ ንሳ እያ፡ ጽባሕ ንሳ እያ። ኸምቲ ኣቀዲሙ ዝተጠቅሰ፡ ፖለቲካ ምስ መሬት ዘተሓሕዝ የብሉን። እዚ ኣዛራብን ኣካታዕን ኾይኑ ዘሎ፡ ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ዘሎ ኣረኣእያን፡ ኤርትራውያን ኣብዚ ልዕሊ ቀይደ በተኽ ዝኾነ ናይ መንግስተ ̣ኣሜሪካ ስጉምቲ እዩ። ኣመሪካ ነዚ ናይ ዶብ ጉዳይ ብግብራውን ዕቱብን ዘይትድግፎ ዘላ፡ ብምኽንያት መንግስቲ ኤርትራ ዘይኾነስ፡ ብምኽንያት ናይ ገዛእ ረብሓኣ ኢላ እያ። ኸምኡ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ማለት ውሽጣዊ ኹነታት ወሳኒ ነይሩ እንተዝኸውን፡ እዞም ኩሎም ሸኻትን፡ ኣሚራትን ብኣሜሪካ ዝድገፉን ዝሕብሓቡን ዘለዉ፡ ውሽጣዊ ኹነታቶም ባህ ዘብል ስለዝኾነ ድዩ?። ኣይፋሉን። ናይ ረብሓ ጉዳይ ስለዝኾነ እዩ። ኣብ ሃገራት ዓረብ ዘሎ ባህልን ፖለቲካን ኣንተድኣ ተዓዚብና፡ ምስ ዘበንና ዘይሳነን ዘይዳረግን እዩ። ግን ከኣ ኣሜሪካ ተንከስ ኢሎም ተዛሪቦም ኣይፈልጡን። እስከ ኸም ቀረባ ኣብነት ናይ ኩዌየትን ዒራቅን ንዘክር። ኣሜሪካ ንኩዌየት ከተድሕን መጠነ ሰፊሕ ውግእ ዝኸፈተት፡ እቲ ኣብ ኩዌየት ዘሎ ኣሚር ካብ ናይ መሪሕነት ናይ  ዒራቅ ስለ ዝሓሸ ድዩ?። ኣይኮነን። ንረብሓኣ ኢላ እያ። ስለዚ መንቀሊ ናይ ኹሉ ነገር ኾይና ንረኽባ ዘለና፡ ውሽጣዊ ኹነትታ ዘይኮነስ፡ ረብሓ እትብል ቃል እያ። ንኣሜሪካ፡ ረብሓ ልዕሊ ሕጊ፡ ረብሓ ልዕሊ ንጹሃት ህዝቢ፡ ረብሓ ልዕሊ መሰል ህዝብን ሃገርን፡ ረብሓ ልዕሊ ኹሉ ነገር እያ።
ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘይቲ ነቲዓ ኣላ እንተትብሃል፡ እቲ መጀመርታ ናይ ሓጎስን መጎስን መልእኽቲ ዝልእኽ መንግስቲ ኣሜሪካ እዩ።
ሕጂ እውን እንተኾነ፡ ኹሉ ኤርትራዊ ዝምድና ኤርትራን ኣሜሪካን ናብ ንቡር ክምለስ ኣበርቲዑ ኽጽዕር ይግባእ።
ኹላህና ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያናን ኣተሓሳስባናን ብዘየገድስ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ስትራጂያውን ሃገራውን ሕቶታት፡ ሓድነትና ኸነርኢ ሃገራዊ ሓላፍነትና እዩ። መሬት፡ ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል ስለዝኾነ።

ኪዳነ ሃብተሰላሴ ሕዳር 2007